# መበል 14 ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል

### ናይ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣስከሬን ናብ መቓብር ከም ዝወረደ።

ኢየሱስ ኣብ መስቀል ምስ ሞተ ማርያም ንሬሳ ወዳ ድሕሪ ተቐቢላ ዮሴፍን ኒቆዲሞስን ንሬሳ ኢየሱስ ካብ መስቀል ኣውሪዶም ኣብቲ ዮሴፍ ንርእሱ ኢሉ ዝቐረቦ መቓብር ኣብኡ ቀቢሮሞ። ወንጌላውያን ኩሎም ብኸምዚ ይገልጽዎ ዮሴፍ ዝተባህለ ሃብታም ሰብኣይ ካብ ኣርማትያስ ናብ ጲላጦስ ቀሪቡ ናይ ኢየሱስ ሥጋ ለመነ ሽዑ ጲላጦስ ክህብዎ ኣዘዘ ። ዮሴፍ ድማ ነቲ ሥጋ ወሲዱ ብጽሩይ በፍታ ገነዞ። ኣብቲ ኣብ ከውሒ ዘውቀሮ ናይ ባዕሉ ሓዲሽ መቓብርውን ኣንበሮ ሓደ ዓቢ እምኒ ኣንከራርዩ ድማ ነቲ ኣፍ መቓብር ዓጽይዎ ኸደ ይብሉና። እዚ ኣብ ኩሎም ወንጌላውያን እንረኽቦ እዩ። (ማቴ 27፡57-61፥ ማር 15፡42-47፥ ሉቃ 23፡50-56፥ ዮሓ 19፡38-42)።

ኣብዚ ክንሓቶ ዝሕግዘና ኣነ ሎሚ ንኢየሱስ ከም ዮሴፍን ኒቆዲሞስን ዝገበርዎ እንታይ ምገበርኩሉ። ክኣል ኩሉ ኣምላኽ ኣብ ኢድ ፍጡሩ ዝወረደ ኣነ ሎሚ እንታይ ክገብረሉ ይግብኣኒ፥ መተቐበልክዎዶ? ሎሚ ኢየሱስ እንታይ ክገብረሉ ምደለ። ካብ ውሽጣዊ ሕይወትና ክሳብ ምስ ሓውናን ሓፍትናን ዘሎ ኣምቢብና ንኽእል እሞ ክንገብሮ ዝገብኣና ንኢየሱስ ንግበረሉ።

መበል 14 ምዕራፍ ጉዕዞ ኣብ ተስፋ ንኸቢድ ጸልማት ብእምነት ምጉዓዝ ኢልና ክንገልጾ ንኽእል። እቲ ቀንዲ ከምኡ ዘብለና ኣብዚ እዋን ኢየሱስ ድሕሪ መሪር ስቓይን ውርደትን ሞይቱ።ኣብ መቓብር ተቐቢሩ ነገራት ዳርጋ ዝተወድኡ ኮይኑ እዩ ዝመስል። ሓዋርያት መብዝሕትኦም ብዘይካ ዮሓንስን ከምኡ ገለ ኣንስቲ ምስ ማርያም ኣዲኡን ዳርጋ ሃዲሞም ወይ ብዛዕብኦም እንፈልጦ የብልናን። እዚ ጸልማት ክሰግርዎ ከቢድ ነሩ። ግን ተስፋ ከም ዝነበሮም ድሕሪ ሞቱ ብሓደ ኣብ ሓደ ገዛ ከም ዝነበሩ ወንጌል ይነግረና። ነቲ ዝበሎም ብተስፋ ይጽበዩ ነሮም።

ሰብ ካብ መጀመርያ ሃዳማይ እዩ፥ ኣዳምን ሔዋንን ክፉእ ምስ ገበሩ ሃዲሞም ተኸዊሎም። ኩልና ገለ ዓቢ ኃጢኣት ወይ ጌጋ ምስ ገበርና ክንሃድም ክንክወል ንደሊ። ኣብ ደገ ክንወጽእ የሕፍረና የፍርሓና። ሎሚ ኣነ ከም ኣነ እንታይ ዘፍርሕ ዝኽወል ኣሎኒ ኢልና ንርእስና ንሕተት እሞ ናብቲ ኩሉ ዘይክወሎ ኣምላኽ ቀሪብና ኃጢኣትና ተኣሚና ኣብኡ ንመለስ።

መጨረሻ ምዕራፋት ፍኖተ መስቀል መሰረተን ኣብ ናይ ካቶሊካዊ ኣምልኾን መንፈሳውነትን ኮይኑ መጨረሻ ሕይወት ኢየሱስ ካብታ ዝተፈርደላ ክሳብ መጨረሻ ቀብሩ ነስተንትን። ኣብዚ ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ ዝገልጾ ፍቕሪ መስዋዕትን ድኅነትን እዩ። መበል 14 ምዕራፍ ሬሳ ኢየሱስ ኣብ መቓብር ከም ዝወረደ ዝብል ፍሉይ ምልክት ኣለዎ። ኣብ መቓብር ዝተራእየ ሱቕታን ጸጥታን ንኹሉ ጠቕሊሉ ዝሓዘ እዩ፥ኣብዚ ህሞት ክንርእዮ እንክእል ናይ መጨረሻ ዘርኢ ናይ እቲ ዝዓበየ ተስፋ ተነቢሩ ዘሎ እዩ። ኩኖቲ ጸጥታን ሱቕታን ጩራ ትንሣኤ ይውላዕ ኣሎ።

ነገራት ብዝያዳ ክበርሁልናን ክርድኡናን ምእንቲ እምብኣር እንድህስሶም ነገራት ምንጪ ወይ መሰረት፥ ተሎጋዊ ወይ ትምህርተ መለኮታዊ ትርጉምን ኣብዚ እዋና ዝገልጾ ናይ እዚ ምዕራፍ ኣዕሚቕና መልእኽትን ንመዓልታዊ ሕይወት መምርሂ ዝኸውን ምርካብን ክንርኢ።

### ታሪኻውን መጽሓፍ ቅዱሳውን መንጪ ናይ መበል 14 ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል።

እዛ ምዕራፍ መሰረታ ኣብ ወንጌል እዩ። መቓብር ኢየሱስ በርባዕቲኦም ወንጌላውያን ብሓደ መልክዕ ግን ከኣ ነፍሲ ወከፍ ወንጌላዊ በቲ ዝርኣዮን ዝሰምዖን ኣስተንቲኑ ጺሑፍልና።(ማቴ 27፡57-61፥ ማር 15፡42-47፥ ሉቃ 23፡50-56፥ ዮሓ 19፡38-42)። ብመሰረት ኣበሃህላ ቅ. መጽሓፍ ድሕሪ ሞት ኢየሱስ ሓደ ሰብኣይ ዮሴፍ ብዓል ኣርማትያስ ኣባል ባይቶ ኣይሁድን ብሕቡእ ረድኢ ኢየሱስ ዝነበረ ብሕቡእ ኣብ ጲላጦስ ከይዱ ሬሳ ኢየሱስ ክውሃቦ ሓቲቱ። ምስኡ ኒቆዲሞስ ፈሪሳውን ምስ ኢየሱስ ዝደናገጽ ብለይቲ ኣቐዲሙ ዝተዛረበ ኮይኖም ንሬሳ ኢየሱስ

አውሪዶሞ ብከርበ ምስ ዓልወ ዝተሓዋወሰ ከም ልማድ አይሁድ ምስ ሽቱ ብሓዲሽ ዓለባ ገሮም ገኒዞም አብ ሓዲስ መቓብር ዮሴፍ ንርእሱ ኢሉ ቀሪብዎ ዝነበረ አብኡ ቀበርዎ።

እቲ መቓብር አብ ጥቓ ጎልጎልታ ካብ ከተማ ውጽእ ኢሉ አብ ጥቓ ኢየሱስ ዝተሰቕሎ እዩ ነሩ፥ ዮሓንስ ወንጌላዊ ፍልይ ብዝበለ አብ ቦታ አታኽልቲ ተቐቢሩ ይብል፥ እዚ ምስቲ አዳምን ሔዋንን አብ ገነት ዘፍረስዎ ኢየሱስ አብ ቦታ አታኽልቲ ሞይቱ ከምዝመለሶ ክነግር ኢሉ እዩ ዝብሉ ብዙሓት ተንተን ቅ. መጽሓፍ አለዉ። መቓብር ኢየሱስ ካብ ከተማ ርሑቕ ዘይኮነሉ ምኽንያቱ ምስቲ አብቲ ጊዜ ዝነበረ ባህሊ አይሁድ ዘማልእ ምእንቲ ክኸውን እዩ። ከም ባህሊ አይሁድ ሬሳታት ቀዳም ሰለ ዝነበረ አብኡ ክጽንሑ አይክአልን እዩ፥ ብፍላይ አብ ድሮ ፋሲካ አይሁድ ስለ ዝኾነ ዝኾነ ሬሳ ክህሉ አይግባእን ከም ምርካስን ንሕጊ አምላኽ ከም ምፍራስን ገርካ ስለ ዝርአ።በዚ እዩ ንሬሳ ኢየሱስ ተቐላጢፎም ቅድሚ ፅሓይ ምዕራባ ዝገበርዎ።

ኣብ መንጌል ማቴዎስ ሓደ ዓቢይ እምኒ አንኮራርዩ ድማ ነቲ አፍ መቓብር ዓጽይዎ ዝብል ንረክብ። ከምኡ ንመቓብር ዝሕልዉ ወተሃደራት ከም ዝተገብሩ እውን ነንብብ፥ እዚ ኸአ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ክትንሥእ እየ ኢሉ ስለ ዝነበረ ሓዋርያቱ ብለይቲ መጺኦም ከይ ወስድዎ እሞ ብሓሶት ተንሢኡ ኢሎም ከየውርዩ ኢሎም ወተሃደራት ሓለውቲ ዝገበሩ (ማቴ 27፡62-66)።እዚ ኹሉ ደቂቕ ሓበሬታ ዝገልጾ አብ መንጎ ሰበ ስልጣን ዝነበረ ዘይምእማንን፥ድሒሩ ዝትኮስ አብ ትንሥኤን ዝኸውን ንምግላጽ እዩ።

## ተሎጋዊ ወይ ትምህርተ መለኮታዊ ትርጉም ናይ ኢየሱስ ቀብሪ።

መበል 14 ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል ናይ መጨረሻ ስንብት ዝነበረ ንምሕባር ጥራሕ አይኮነን ዓሚቕ ተሎጋዊ ሥራሕ ዝሓዘን ብዙሕ ትምህርትን ዝሓዘ እዩ።

ምልአት/ፍጻሜ ቅዱስ መጽሓፍ፡ The Fulfillment of Scripture. ናይ ኢየሱስ ቀብሪ ናይ አጋጣሚ ፍጻሜ አይ ኮነን። ኢሳያስ 53፡9 ከምዚ ኢሉ ተነብዩ ነሩ፥ እከይ ዘይገበረ ሓሶት ከአ አብ አፉ ዘይተረኽበ ኽንሱስ ምስ ኃጥአን ከም ዝመውት ገበሩ መቓብሩ ኸአ ምስ ሃብታማት ኮነ። ዮሴፍ ብዓል አርማትያስ ሃብታም ሰብአይ ነቲ ትንቢት ሓዲስ መቓብሩ ብምሃብ ከም ዝፍጸም ገርዎ። እዚ ዘዘኻኽረና ነፍሲ ወከፍ ብዛዕባ ሕይወት ኢየሱስ ብዝርኢ ዝኾነ ምስቲ መለኮታዊ መደብ ድኅነት ብምስምምዓ ይኸውን ከም ዝነበረ ንርኢ። ኢየሱስ መጨረሻ ቃል ዝበላ ተፈጸም እትብል እያ። ኩሉ እቲ ብነብያት አብ ኦሪት ዝተነግረ ከም እተፈጸመ ከርኢ እሉ ተፈጸመ እናበለ ዛዚምዎ።

The Descent into Hell አብ ሲኦል ምውራድ። አብ ጸሎተ ሃይማኖት ክንደግም ከሎና ሞተ ተቐብረ አብ ሲኦል ወረደ እናበልና ንጽሊ። እዚ ሲኦል (ገሃነም እሳት) ነቲ ናይ ኩነኔ ቦታ አይ ኮነን ዘስምዕ። ብቋንቋና ሲኦል sheol ዝብል እዩ ዘስምዕ። ቦታ ሙታን ኢየሱስ ናይ ብርሃን ድሕነት ነቶም ጻድቃን ቅድሚ ምጽአቱ ዝሞቱ ዘምጽአሎም እዩ ዘመልክት። ቅብሪ ኢየሱስ እምብአር አድላዪ ስጉምቲ አብ ሓባራዊ ምስጢር ድኅነትና እዩ።

1. The Silence Before the Resurrection ጸጥታ ቅድሚ ትንሣኤ። ቀብሪ ኢየሱስ ነቶም ዝዕዘቡ ዝነበሩ ንብዙሓት ናይ ስዕረቱን መወዳእትኡን ምልክት ኮይኑ ይርአዮም ነሩ ክኸውን ይኽእል። ወዲ አምላኽ አብ ቆራርን ጸልማትን መቓብር ደቂሱ። ወላ እዚ ይኹን እቲ ዝርአ ምልክት እዚ ሱቕታ መጨረሽታ አይ ኮነን እንታይ ድአ መቕድም ዓወት አብ ልዕሊ ሞት እዩ። እዚ ንኹልና መዘኻኸሪ እዩ፥ አብ ገለ እዋን ናይ ጸልማትን ፍጹም ስዕረት አብ ዝመስለሉ እዋን ፈርያም ባይታ ንግብሪ አምላኽ ክኸውን ይኽእል እዩ። አብቲ ነገራት ፍጹም ስዕረትን ጸልማትን ዝርአዩሉ አብኡ ናይ ትንሣኤን ጸጋን ጩራ ከም ዘሎ ዝሕብር ክኸውን ይክአል።
2. ትስብእቲ ክርስቶስ The Humanity of Christ. ኢየሱስ ከም ማን ሰብ ክቐበር እንከሎ ዝሕብሮ ንሱ ብምሉእ አብ ሕይወት ሰብ ከም ዝአተወ እዩ፥ ወላ አብቲ ዝበርትዐ ቃንዛ

ዘለዎ ሞት ንሱ ብኹሉ ንእና መሲሉ። እዚ ዝሕብሮ ንነፍሲ ወከፍና እግዚአብሔር ካብ ስቓያትና ርሑቕ አይ ኮነን፥ ተቐቢልዎን አድኂንዎን እዩ።ኢየሱስ ንኹሉ እዩ አድሒኑ ንባህርና ንተፈጥሮ ኮታስ ንኹሉ ናይ ሰብ ሕይወት። ነቲ ብሰንኪ ኃጢአት ቀዳሞት ወለድና ዝረኸሰ ዝተበላሸወ አድሒንዎ። እዚ ኸአ ብዘይካ ኃጢአት ንእና ብምምሳል እዩ።

**ቀብሪ ኢየሱስ ብናይ ሎሚ አረአእያ** The Burial of Jesus in Today's Context.

እንነብሮ ዓለም ርግጽነት ዝጎደሎ ሰብ ካብ ዕለት ናብ ዕለት ብስክፍታ ዝነብሮ፥ ስቓይን ሞትን ስደትን ሰባት ዕለት ዕለት አብ እትርእየሉ መበል 14 ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል ዓሚቕን ግሉጽን መልእኽቲ ሒዛ ትቐርበና።

1. Hope and Silence **ተስፋን ጸጥታን።** ሎሚ ብዙሓት መቓብር አብ ሕይወቶም ይምከሩሉ አለዉ፥ ሕማም፥ ሞት ናይ ዝፈትውዎ፥ ውድቀት፥ ብሕትውና ንሰብ ከቢድዎ ይርከብ። ቀብሪ ኢየሱስ ወላ አብ ከምዚኦም ዝአመሰሉ እዋናት አምላኽ ምሳና ይዓዪ ከምዘሎ ይነግረና። ከምቲ ቅ. ዮሓንስ ዘመስቀል ዝብሎ አብቲ ናይ ነፍሲ ጸልማት ህሞት አምላኽ ብምስጢር መብራህቲ ብልጭ የብል። አብ ጽንኩር እዋን ጽን ክንብል እንተ ኸአልና ናይ አምላኽ ጸጋ ምሳና አሎ።
2. **ክብሪ/ጥቕሚ ሓድነት፥** The Value of Solidarity. ዮሴፍ ብዓል አርማትያስን ኒቆዲሞስን ወላ እኳ ብሕቡእ ሰዓብቲ ኢየሱስ እንተ ነበሩ አብቲ ጽንኩር እዋን ግን ደው ኢሎም ዝግብኦም ገሮም። አብነቶም ዘዕድመና እምነትና ክንምስክረሉ አብዘድሊ እዋን ብዘይ ፍርሒ ክንገልጽን ነቶም ዝሳቐዩ ኸአ ሓገዝቶም ክንከውን።
3. **ትንሣኤ ከም መጨረሻ ደረት** Resurrection as a Horizon: መቓብር መጨረሽታ አይ ኮነን። ንክርስትያን ሞት ናይ መጨረሻ ቃል የብላን። ትንሣኤ ኢየሱስ ዋሕስና ኮይኑ መጨረሽታና አብኡ ክንገብር ዝሕብረና እዩ። ድሕሪ ነፍሲወከፍ ዓርቢ ስቕለት አብ ሕይወትና ሰንበት ዘትንሣኤ ዝጽበየና አሎ። ድሕሪ ጸልማት ብርሃን አሎ። ዝክሪ ትንሥኤ ሕጂ እውን ክንገብሮ ዝግብአና ዘዘኻክር እዩ።
4. Caring for Creation: **ንተፈጥሮ ምግዳስ፡** ሓዲስ መቓብር ናይ ዮሴፍ ብዓል አርማትያስ ካብ ከውሒ ዝተኳዕተ ዘዘኻክሮ አብ ተፈጥሮ ዘሎ ጥቅሚ ህያብ አምላኽ፥ እዛ ብዝተፈላለየ ብከላ ዝወርዳ ዘሎ ዓለም ሓላፍነትና አብታ አምላኽ መረቔ ዝሃበና ክንገብሮ ዘሎና ሓላፍነት የዘኻክር። አምላኽ ዝተቐብረላ መሬት ክብርቲ እያ፥ ንሕና እውን ካብ መሬት ኢና እሞ ዝግባእ ክንክን ክንገብር ትሑዛት ኢና። ንዝኾነ ነገር ክንቀብሮ ከሎና ንሕማቕ ንርስሓት ኮታስ ዝቕበር ክትርእዮ ዘየድሊ ጥቕሚ ንዘይብሉ እዩ። ንርስሓት ንሕይወትና ዘይጠቅም ክነጽሪ ይግብአና።

**መበል 14 ምዕራፍ ከመይ እንተ ገበርና ኢና አብ መንፈሳዊ ሕይወትና ክነብራ እንኽእል።**

How to Live the 14th Station in Our Spiritual Life.

1. Embrace Silence and Waiting. **ንጸጥታን ምጽባይን ምሕቛፍ ወይ ምቕባሎም።** አብ ገለ እዋን አምላኽ ብጸልማት ብከቢድ መስቀል ክንሓልፍ ይደልየና። አብዚ እዋን አብ ክንዲ ከይትቕበሎ ምቅላስ ክትአምን ምምሃር ወላ እኳ አዛ እዋን ብዝርአ ምሳና ከምዘየሎ እንተ መሰለ ንሱ ግና ምሳና አብ ጥቓና አሎ።ንዝወረደ ክበድ ብትዕግስትን ብጽሞናን ምቕባሉ።
2. Be Witness of Hope. **ናይ ተስፋ ምስክር ኩን።**አብዛ ተስፋ ዝተጸንቀቐ ዝመስለላ ዓለም ክርስትያን ናይ ክርስቶስ ብርሃን ወሊዕና ሞት መወዳእታ ከምዘይኮነ ምስባኽ። ሰብ አብ ሓዘን አብ ተስፋ ቊርጸት እንተ ነበረ አይጥዕሞን እዩ፥ ካብኡ ወጺኡ ክቕይር ንዝበለጸ ክሓስብ ይግብኦ። መለለዪ ክርስትያን ተስፋ እዩ።

3. Practice Solidarity: ንሓድነት ኣተግብሮ ወይ ንበር። ከም ዮሴፍ ብዓል ኣርማትያስን ኒቆዲሞስን ምስቶም ዝሳቐዩ ምስኦም ደው ክንብል ኣሎና፥ ኣብቲ ጽንኩርን ከቢድን ገጢምዎም ዘሎ ናይ ጸልማት ጊዜ ምስኦም ክንከውን ክነጸናንዖም ተስፋ ክንኮኖም።እዚ ንእምነካ ምንባር እዩ።
4. Live in Expectation of the Resurrection: ኣብ ተስፋ ትንሣኤ ምንባር። ናይ ኢየሱስ ቀብሪ ዘዘኻኽረና ምድራዊ ሕይወትና ጉዕዞ ንዘለዓለማዊ ሕይወት እዩ። ብተስፋ እና ነበርና ኣብ መጨረሻ ኣምላኽ ብሕጉስ ገጽን ኣእዳዉ ዘርጊሑ ይጽበየና ከምዘሎ ፈሊጥና ሕይወትና ክንመርሕ።

*መደምደምታ*፡ From the Tomb to the Light: ካብ መቓብር ናብ ብርሃን።

መበል 14 ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል መወዳእታ ከምዘይኮነ እንታይ ድኣ ሓዲስ ተበግሶ ምጅማር ንሓዲስ ሕይወት እዩ። ኣብቲ ጸጥ ዝበለ መቓብር ኣምላኽ ንቲ ዓቢ ዓወት ይቕርብ ነሩ። ትንሣኤ። ሎሚ እዚ ምስጢር እዚ ክንኣምን ተስፋ ክንገብርን ይዕድመና፥ ወላ ኣብቲ ጸልማት ዝመልአ ህሞት ወላ ኣብቲ ዓቕልና ኣብ ዘጽበብናሉ ህሞት ኣምላኽ ኩሉ ጊዜ ምሳና ኣሎ ይዓዪሎ ምእንቲ ምንታይ ብርሃንን ሓዲስ ሕይወትን ከምጽአልና።

ኣብ ገለ እዋን ኣብ ሕይወት ባዕልና ዘምጻእናዮ ኣብ ካልእ እዋን ብኻልእ ዝመጽአና ጸልማት ዝጉልብብ ተስፋ ዘቑርጽ ይገጥመና እዩ እዛ ምዕራፍ መልሲ ትህበና ማለት ወላ ኣብቲ ከቢድ ጽንኩር እዋን ኣምላኽ ምሳና ከምዘሎ ጸላም ሞት ጓሂ መወዳእታ ኣይ ኮነንን እኳ ድኣ ንሓዲስ ትንሣኤ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ጸሎትና ቃልስና ካብ መቓብር ናብ ብርሃን፥ ካብ ሞት ናብ ሕይወት፥ ካብ ጸላም ናብ ብርሃን ዝወስድ ክኸውን ይግብኦ። ጸልማት ይቕንጠጥ እዩ፥ ተስፋ ዘቑርጽ የብልናን ባዕሉ ኣምላኽ ክመርሓና እዩ ሓንትስ ትዕግስቲ ገርና ንቀበሎን ንስምዓዮን።

ኣብ ሓደ እዋን ር.ሊ.ጳ. ፍራንቼስኮስ ዝበልዎ ኣብ መቓብር ሓዘና ክንእቱ ኣይንፍራሕ ምኽንያቱ ኢየሱስ ኣብኡ ኣብ ብርሃን ትንሣኤኡ ክመርሓና ይጽበየና ኣሎ። እዛ ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል ምንጪ ርግኣትና ግልጸትናን ተስፋን ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ይግበረልና።

እዛ መበል 14 ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል ነፍሲ ወከፍ ኣማንይ ክሓስቦ ዘለዎ ተዘኻኽረና። ምድራዊ ሕይወትና ዝውዳእ ከም ዝኾነ ፈሊጥና ንክፍኣት ንኃጢኣት ንኹሉ ካብ ኣምላኽ ዝፈልየና ኣወጊድና ክንሕደስ ከም ዝግብኣና። ኣብ መቓብር ኃጢኣትና ወሪድና ምስ ኢየሱስ ክንትንሥእ። ኣምላኽ ብጸግኡ ነዚ የብቅዓና።

በዚ ናይ ኢዮብ ጻድቕ ክንዓጹ፡ ግናከ እቲ ዚብጀወኒ ሕያው ምዃኑ እፈልጥ ኣሎኹ ንሱ ኣብ መወዳእታ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ኺቐውም እዩ፥ ቆርበተይ ብሕማም ተበሊዑ ምስ ጠፍአ እውን በዚ ሥጋ እዚ ንኣምላ ክርእዮ እየ (ኢዮብ 19፡25-26)።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ